ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራ حزب النهضة الإرتري

Eritrean Renaissance party

# መግለጺ ሓዘን ካብ ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራ

መርሑም ኩቡር ኣያናን ኣቦናን ሸይኽ ኢብራሂም ስራጅ ብትማል ዕለት 03 ለካቲት 2020 ብሞት ናብ ዓዲ ኩልና ብምኻድ ተፈሊዩና !! እዚ ኣብ መዳይ ዘመናውን ሃይማኖታውን ትምህርትን ፍልጠትን ክቱር እምነት ዝነበሮ ፡ እቲ ፍልጠቱን እምነቱ ንማንም ኣካል ሕብረተብ ንምብጻሕ ብምትላም ብተወፋይነት ኣብ መድረኻት ናይ መሳጊድ ፡መጃልስን ፡ካሴታት ሲዲታትን ጥራይ ከይ ኣክል ኣብ ኣፍሪቃ ቲቪን ካለኦት ማዕከናትን ዝተፈላለየ መሃርቲ መደባት ብምድላው ብብዙሕ ቛንቃታት ንህዝቢ ዘርብሕ ትምህትታት ብምሃብ ንልዕሊ 40 ዓመታት ዝተቓለሰን ሩኡይ ውጺትን ዝረኸበን ዕዉት መራሒ ሃይማኖት ኢዩ ኔይሩ ፡ብኻልእ ሸነኽ እውን ብዘይካቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓድታት ዝገበሮ፡ ዝደገፎ ናይ ሃይማኖትን ዘመናውን መስተምሃሪ ኣብያተ ትምህርትን መሳጊድን፡ንህላውነት ሕብረተሰብን ኣካውናን ማሕበረኮማት ኣብ ስደት ንምጥንኻርን ንምድጋፍን ግብረሰናያዊ ዕዮታቱ ናይ ድኻታትን ዘኽታማትን ዋልታ ብሙኺን ኣብ ሕብረተሰብና ልዑል ቦታን ታሪኽን ዝሓደገ ሸይኽ ኢብራሂም ስራጅ ፡ ብግዚኡን ብጉልበቱን ( Volunteer) ኮይኑ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ዝተፈለየ ኽይራት ዘገልገለ ፡ ብፍልጠቱ ብትብዓትን ምሕደራዊ ክእለቱን ዝልለ ጅግና፡ መቀጻልታ ናይ ጹኑዓት ኣቦታትና ብሙኺን ትማል ብሕማም ምኽኒያት ሂወቱ ምሕላፉ ኸቢድ ሓዘን ይስመዓና ።

መርሑም ኣቦናን ኣያናን ሸይኽ ኢብራሂም ስራጅ ፣ ኩሉ እቲ ዘካየዶ ኣብነታዊ ተግባራት ሰባኣውነትን ኩሉ ተማሂሩ ኣብ ተግባር ክደግሞ እንዳተመነና እቲ ምእንቲ ቅዱስ ተግባር ዘካየዶ ኩሉ ቃልሲ ድማ ሰልፊ ትንሳኤ (ናህዳ) ኤርትራ ኣፍልጦ እንዳሃበ ፡ ብስም ኩሎም ኣባላት ሰ.ት.ኤ. ደጊምና ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ንደቁ ፡ ንምሉኣት ስድራ ቤት ፣ንደረሳን ፡ንመሳርሕቱን ንኣፍሪቃ ቲቪን፡ ንኩሎም ብጾቱን ፈተውቱን ረቢ ኢማንን ሰብርን ይሃብኩም ፡ ጽንዓት ይሃብ ንብል። ንመርሑም ሓጂ ኢብራሂም ስራጅ ድማ ጀነተል ፌርዶስ ክቕበሎ ንረቢ ዱዓና ነብጽሕ ።

**ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**
**04 ለካቲት 2020**